## ቅሉዕ ደብዳበ:-

**ዝኸበርኩም ደገፍቲ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝኾንኩም ኤርትራዊ ኣሕዋትን ኣሓትን፣**
**ዝኸበርኩም ተጋባእቲ ሃገራዊ ዋዕላ፣**
**ዝኸበርኩም ኣባላት ኮምሽን፣**
**እንቋዕ ሓጎሰኩም እንቋዕ ከአ ንዕዉት ዕላማዊ ሓድነት ኣብቃዓና!**

**ብመሰረት ውሳኔ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ድሕሪ ሓደ ዓመት ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ክንአቱ ምኽና ኩላትና ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብሃረርታ እንጽበዮን ብዕቱብ እንጽዕረሉን ጉዳይ ኢዩ። ነዚ ውሁብ ዝኾነ ሽቶ ድሕሪ ምዝኽካረይ ከአ ናብ መጽሐፍየይ ምኽንያት ክሰግር'የ።**

**ብመንጽር ክብደት ምዕዋት ሃገራዊ ጉባኤን ሕልኽልኻቱን፣ ብመንጽር ኤርትራዊ ሻቑሎትን ፈታኒ ጸገማቱን ወዘተ... ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝኾንኩም ኣሕዋትን ኣሓትን ንዝኾነ ዓይነት ምትኽታኻት** (provacations) **ዋጋ ከይዋሃቦን ከይትምልሱሉን ብትሕትና እሐተኩም። ርግጽ'ዩ ግምት ዘለዎን ዘይብሉን ጽያፉ ዘይከልአ ጽሑፋት ይዝርጋሕ አሎ። ይኹን እምበር ኣነ ሕጂ'ውን ብስራሕ ንስዓሮ እየ ዝብል።**

**ሃገራዊ ጉባኤና ክዕወት'ዩ!**
**ውድቀት ንምልኪ!**
**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና!**

***ተክልሰንበት ተኽላይ***
**ኣበል ኮምሽን** 26 **ነሓሰ** 2010